# ዕለት ዝኽሪ ሰማእታት
# ኣብ ኦክላንድ ብድምቀት ተኸቢሩ።

ዝኽሪ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣስታት 700 ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ፡ ብድምቀት ተኸቢሩ ኣምስዩ።  ሕጻናት ደቂ ማሕረኮም ሽምዓ ብምውላዕ፡  ሃገራዊ ሞዝሙርን ዝክረ ሰማእታትን ህዝቢ ደው ኢሉ ድሕሪ ምዝማር፡ ኣብ ዝተፋላለየ ዕድመ ዘለዉ ዜጋታት፡ ብስዲ ንባብን ብግጥምን ፡ ነቶም ካብ  ኩለን ብሄራትን ጾታን ሃይማኖትን በጃ ዝሓለፉ  ሰማእታት ዝበቅዕ መደረታት ኣስሚዖም።

መንእሰይ መርከብ ዮውሃንስ፡ በቲ ልሙድ ዓመታዊ፡ ንደቂ ስዉኣት ትገብሮ ወፈያ፡ “ብዙሕ ኮይኑ ዘይኮነስ፡ ንስለ ሰማእታት እንታይ ንገብር ኣሎና ዝብል ሕቶ፡ ቅሳነት ዝህብ መልሲ ንክህልወና፡ ቅርሺ ንምዓልቲ ምውህላል፡ $360 ቅርሺ ብምሃብ፡ ኣብነታዉ፡ ምኽሉል ህያብ ጌሩ። ተማሳሳሊ፡ ገጣማይ ኣቶ ተስፋይ ሃይለ፡ ትዝርብ ዊዒልካ እንታይ ኣፍሪኻ ከይከውን ነገሩ፡ ድሕሪ መድረኻዊ ቅጥሙ፡ $300 ዶላር፡ ኣብነት ንክኸውን፡ ንደቂ ስዉኣት ኣወፍዩ።

እቲ ብቪድዮ፡ ንቑጽ ስእሊ፡ ግጥምን መደረታትን ብምዝናቕ ዝተኻየደ ዝክር፡ ህዝቢ ሽምዓ ብምውላዕ፡  ንህንጻ ማሕበረኮም ብምኺላል ተዛዚሙ።